HelsaMi

HELSE MIDT-NORGE

HELSEPLATTFORMEN



_ሀልሳሚ/HelsaMi ብምጥቃም እኹል ሓበሬታ ርኸብ፣

ነታ QR-ኮድ ስካን ግበራ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.helsami.no ኣቲኻ ኣንብብ።

HelsaMI/ሀልሳሚ እንታይ ምኺኑ ዝገልጽ ቅሩብ ሓበሬታ ኣብዚ እንሀሉ፡

ሀልሳሚ/HelsaMi እንታይ እዩ፣

- ብኣፕሊከሽን ወይ ብራውዘር ጥዕናዊ ሓበሬታ ክትፈልጥን ምስ ትካላት ጥዕና ሓበሬታ ክትለዋወጥን ትኽእል- ብቐሊልን ውሑስን ዝኾነ ኣገባብ።

HelsaMi/ሀልሳሚ ንምንታይ ክጥቀመሉ እኽእል፣

- ንዘለካ ንቆጻራታት ንምርኣይ
- ጥዕናዊ ሓበሬታን ዉጺት መርመራታትን ንኽትርእየሉ
- ደብዳቤታትን መልእኽትን
- ብቪድዮ ምዝርራብ
- ብዙሕ ካልእን ይጠቅም

HelsaMi/ ሀልሳሚ ግድን ድየ ክጥቀም ዘለኒ፣

- ኣይፋሉን፣ ወለንታዊ እዩ፣ ተሌፎን ወይ ደብዳቤ ከም ቀደምካ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሀልሳሚ/HelsaMi ዝተሓዝ ዉልቃዊ ሓበሬታይ ዉሑስ ድዩ ፣

- እወ: ልክዕ ከምቲ ብዙሓት ካልኦት ህዝባዊ ኣገልግሎታት ንምርካብ ትገብሮ ብID-porten ከፊትካ ኢኻ ትኣቱ ።

HelsaMi/ ሀልሳሚ መን ክጥቀመሉ ይኽእል፣

- ልዕሊ 16 ዓመት ዝዕድመኻ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልየካ ወይ ካብ ሀልሳሚ/HelsaMi ዝጥቀም ሆስፒታላት፣ ኮሙነታትን፣ ቀወምቲ ሓካይምን ኣገልግሎት ክንክን ዘድልየካን። ንተወሳኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣብ www.helsami.no ተመልከት።
- ከምኡ'ዉን ከም መቅርብ ወይ ከም ወላዲ ወኪል ደቅኻ ፍቃድ ይወሃበካ።

ኣብ Helsenorge / ሀልሰኖርገ ዘይረኽቦ ኣብ HelsaMi ዝረኽቦ እንታይ ኣሎ፣

- ኣብ HelsaMi / ሀልሳሚ ኣብ ናትካ ሕክምናዊ ጸብጻብ ዘሎ ሓበሬታ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ኣብ ሕክምና ክትመጽእ ከለኻ እንታይ ከምዝተዝገበ ጸብጻባትን፣ ሕክምና ዝደቀስካሉን ብዙሕ ካልእን ክትርኢ ትኽእል።
- ምስቶ እትረኽቦም በዓል ሞየኛታት ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ሓበሬታ ክትለዋወጥ ዕድላት ይኽፍተልካ።

እዚ መድረኽ ጥዕና / Helseplattformen ብ midtnorsk ኮሙናታን Helse Midt-Norge ዝዉነን እዩ።

ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ተተርጕሙ ኣሎ www.helsami.no

www.helsami.no

GET IT ON Google Play

Available on the App Store

Helseplattformen AS oktober 2024 / Tigrinja